# [ካባና ድንግልሲ እባ ሓመደ ዕደ ደይ ኣቦኽስ ከምኣ እናበለ ዝኸደ!!]

ቀለታ ኪዳነ




ቀደም ሰብ ከምዚ ሎሚ ከይተቐብሎ  ከሎ ሓንቲ ትምርያ ዓል ምስ ድምግላ ክትጸንሕ ብዙሕ ኣገዳሲ'ዩ ነሩ። ሓንቲ ንባዕላ ክትምርያ ከላ ምስ ድንግልንኣ  ዘይነበረት ኣደ ከኣ ነታ ድንግልና ከም ዘይነበራ ትፈልጥ ዝነበረት  ዝተመርዓወት ዓላ ምልሶት ንገዝኣ ምስ ተመልሰት እቲ ሰብኣያ እንታይ ከም ዝበላን ነቲ ጉዳይ ብኸመይ ከም ዝተቐበሎን ሓተተታ። እታ ዓላ ከኣ እታ ድንግልኺ ኣበይ ኣጥፊእክያ፡ ንመን ኢኺ ህብክያ፡  እናበለ ከሸግረኒ ሓግዩ በለታ። እታ ኣደ ንባዕላ እቲ ሰብኣያ ቅድሚ  ሙማቱ ክኸሪ ከሎ  ኲሉ ጊዜ ብዛዕባታ ድንግልና  ሒዛ ዘይምምጻኣ ይኸሳ ስለዝነበረ  ነቲ ጉዳይ ከም ቀሊል ርእያ <u>ካባና ድንግልሲ እባ ሓመደ ዕደ፡ ደይ ኣቦኽስ ከምኣ እናበልዩ ዝኸደ</u> በለታ ይበሃል።  ሃይለ ስላሰ ብኽምኣ ኤርትራ እናበለ ጠፊኡ፡ መንግስቱ ብኽምኣ ተደጊሙ፡ ሎሚ ከኣ ወያነ በቲ ጉዳይ ስለዘይተማህሩን ዘይለበሙን ዕጫ እቶም ቀዳሞት ኣቦታቶም ኣብ ኣፍ ደጊኦም ቀሪባ ትጽበዮም ኣላ።

<u>እንተስ ብሰላም እንተስ ብኹናት ጉዳይ ኤርትራ ፈደራል መንግስቲ መዕለቢ ይግበረሉ (ዓይጋ ፎሩም)</u>

<u>ሎሚ  ወያነ ንጉዳይ ኤርትራ ብሰላም ይኹን ብኹናት ብኽልቲኡ ክፈትሖ ኣይክእልን ኢዩ።</u>

መንግስቲ ንመንግስቲ  ሓደ ሓደ ጊዜ ክበኣሱ ሓደ ሓደ ጊዜ እውን ንረብሓታቶም  ክብሉ  ክትዓረቑ ይርኣዩ ኢዮም። እቲ ጽልእን ቅርሕንትን ከኣ ኣብቶም መንግስታት እምበር ኣብ ህዝቢ ጽልዋ ኮነ ቂምታ ኣየትርፍን ኢዩ። ከም ኣብነት እንተወሲድና ሰውራ ኤርትራ ንሰላሳ ዓመታት ዝኣክል ምስ ኢትዮጵያ ክዋጋእ ከሎ እቲ ጽልኡ ምስቶም ገዛእቲ ስርዓታት እምበር ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኰይኑ ኣይፈልጥን'ዩ። ኣብ ኲናት ዝተማረኹ ወትሃደራት ከይተረፈ ብግቡእ ሰብኣዊ ኣትሓሕዛ እናሓዘ ኣምሂሩን ኣንቂሑን ክኸዱ ንዝደለዩ ብሰላም ንሃገሮም የፋንዎም።  ክጸንሑን  ምእንቲ ፍትሒ ክቃለሱ ንዝደልዩ ከኣ ብእምነት የቃልሶም ከም ዝነበረን  ተቓሊሶም ብዓወት ኣብ ናጽነት ኤርትራ ዘርከቡን  ኤርትራዊ ዜግነት ሒዞም  ክሳብ ሎሚ ህሉዋት ከም ዘለዉ እውን ዝተጨበጠ ታሪኽ ኢዩ።

ወያነ ግን ፍጥር ብቕል ካብ ዝብል ጸረ መንግስቲ ኤርትራ ዘይኮነ ጸረ ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ክሰርሕን ንውድቀት ሃገርናን ህዝብናን ንምብታን ክፍሕስን ዝጸንሔ ውድብ ኢዩ። ነዚ ዝህቦ ምኽንያት ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ይንዕቀናዩ የነኣእሰናዩ ዝብል ናይ ብነብስኻ ዘይምትእምማን ሕማም ኢዩ። ኣብታ ሓጻር እዋን ህዝቢ ኤርትራ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ኢትዮጵያ ተሰዲዱ ዘለወሉ እዋን ከኣ ብቓላቶም ሓለይትን ደንገጽትን እናመሰሉ ኣነ ብዝፈልጦን ዝተኸታተልኩዎን ጥራሕ ንዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመታት ብደቂቕ እናተኸተተሉን እናታለሉን ስልጣኖምን ገንዘቦምን እናተጠቕሙን ህዝብና ኣብ ስደት ከይእከብን ከይጥርነፍን ከይሰማማዕን ሓደ ጡረተኛ ጀነራል ዝእክል  መዲቦም ብልቢ ክሰርሑሉ ጸኒሖም ኢዮም።  ናይ ብሓቂ ፈተውትናን  ኣሕዋትናን ስለዝመሰሉና ከኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝገብሩዎ ዝነበሩ እከይ ናይ ምፍልላይን ጽልእን ተግባራት ንኽቋርጹዎን ንዝመጽእ ነዚ ክልተ ኣህዛብ  ዘቀራርብን  ዘተኣማምንን ናይ ሕውነት ስራሕ ክሰርሑን ብዝከኣለና መኺርናዮምን  ለሚንናዮምን ኢና።

ብኣንጻሩ ግን ስርዓት ወያነ ስልጣን ከቢዱዎም ምጻር ስለዝሰኣኑዎ ክሰምዑስ ይትረፍ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ስደት ዝነብሩ ዘለዉ ኤርትራውያን ኮነ ካልኦት  ዝተፈጸመን ዝፍጸም ዘሎን ግፍዕታትን ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኣብ ሶማል ተማሪኾም ዝበሃሉ ጋዜጠኛታት መለስ ዜናዊ ጥርዓን ቀሪቡሉ ጉዳዮም ክንርእዮ ኢና ኢሉ ዝዘከሮም የልቦን። ስደተኛታት ሰላማዊ ሰልፊ ስለዝገበሩ  ብዘይካቶም ብጥይት ዝረሸረሹዎም ሰለይቲ ሻዕብያ ተባሂሎም ዝተገርፉን ዝተቐጥቀጡን ኣብ ቤት ማእሰርትታት ዝማስኑ ዘለዉን ኤርትራውያን ሒደት ኣይኮኑን።

ስርዓት ወያነ ከምዚ ንዓለም ክዳረግ ዝኽእል ወትሃደራዊ ሓይልን ዓቕምን ዘለዎ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ወይ ንህዝቢ ትግራይ ክገልጸሉ ከሎ ንኤርትራ ኣፈራሪሕናያ፡ ንኤርትራ ተመጣጣኒ መቕጻዕቲ ጌርናላ ምነግስቲ ኤርትራ ጠባዩ እንተዘይቀየረ ክንቅይሮ ኢና ስለዝብሎ ሎሚ ንመንግስቲ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ምልጋሱን ፈጺምካ ምድምሳሱን ክሳብ ሎሚ ሸለል ስለዝበልኩሞ ኣብዚ ዘሎናዮ ሽግር ክንእቱ ክኢልና ብማለት ንስርዓት ወያነ ክኽሱዎን ክወቕሱዎን ንሰምዕ ኣሎና።

እቲ ሓቂ ግን ስርዓት ወያነ ዓቕሙ ኣጸቢቑ ይፈልጥ ኢዩ። እይኮነንዶ ሎሚ መንግስቲ ኤርትራ ድሕሪ ክንደይ ዓመታት ምድላዉ ኣብቲ ብ98-2ሽሕ ዝተገብረ ኲናት እውን እንተኾነ ዓቕሞም ስለዝተጸንቀቐን ሓለፍቲ ኲናት ዝኾኑ ጀነራላቶም ካብዚኣ ንላዕሊ ሓንቲ ስጉምቲ ክንከይድ ኣይንኽእልን ኢና ስለዝበሉዎም እምበር እቲ ቆጸራ ናይ ኲሎም ንሰራዊት ኤርትራ ደምሲሶም ንመንግስቲ ኤርትራ ማሪኾም ኣብ ኣስመራ ክራኸቡ ኢዩ ዝነበረ።

ሎሚ መንግስቲ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ ህዝቢ ኤርትራ ዳርጋ ብሙሉኡ ብረት ዓጢቑ ኢዩ። ስርዓት ወያነ ከኣ ውግእ ምስ ኤርትራውያን ከመይ ከም ዝኾነ ኣጸቢቑ ስለዝፈልጥ እምበር ክወርርን ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ክቆጻጸርን ከምበርክኽን ዘይሓልምስ ኣይኮነን።

እቲ ኲሉ ንብረትን ሃብትን ኢትዮጵያ ንኽዘምትን ሃገር ንምቊጽጻር ክሕግዞምን ኣብ ምሉእ ኢትዮጵያ ዘዋፈሩዎ ሲቪል ትግራዋይ ብሰንኪ ንቑጽ ይነድድ ርሑስ ከም ዝበሃል በቶም ግፍዒን ዘረፋን ወያነ ዝመረሮም ህዝቢ ኢትዮጵያ ሂወቱ ክጠፍእን ንብረቱ ክዝመትን ክቃጸልን ከሎ ከም ሰብ መጠን ንሓዝነሉም። እቲ በደል ግን ናይቶም ግፍዒ ዝመረሮም ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይኮነ ናይቲ ብጽጋብን ትዕቢትን ተሰንጢቑ ሓያልን ህዝቢ ኢትዮጵያ ቊሊሕ ኢሉ ክጥምቶ ዘይክእል ዝመስሎ ዝነበረን ስርዓት ወያነ ኢዩ። ሎሚ መስኪን ህዝቢ ትግራይ ብሰሜን ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኣባኢሱዎን ፈላልዩዎን። ብደቡብ ከኣ እዚ ንርእዮን ንሰምዖን ዘሎና ኲይኑ ኣብ ማእከል ከም ሳንድዊች ይጨፍለቕ ኣሎ።

ቀንዲ ዘረባይ ምስ ወያነ ዘይኮነ ምስ ዓይጋ ፎርምን ጽሓፍቱን ኢዩ። መጀመርያ ሓደ ማዕከን ዜና ናይ ሓደ ሃገር ብፍላይ ከኣ ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ዝዋስኡ ደቂ ሃገር ብዝከኣል መጠን ንኽልተ መንግስታትን ህዝብን ዘቀራርብ ርእይቶ ወይ ሓሳብ ከቕርቡ እቲ ዝበለጸ ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ ግን ወያነ ንኤርትራ ክወርርን ክቆጽዕን ብዓይጋ ፎርም (Aiga forum ) ኮነ ትግራይ ኦን ላይን (Tigarai on Line ) ዝግበረሉ ጸቕጥን ድፍኢትን ካብ ዓቕሚ ምስኣን እንተዘይኮይኑ ስርዓት ወያነ ፍቕርን ሕውነትን ጉርብትናን ዓጥጢጡዎ ከም ዘይፈልጥ ከም ዘይፈልጥ ተረዲኦም ካብ ጸቕጢ ምግባርን ምድፋእን እንተዝቍጠቡ ምሓሸእ ዝብል ርእይቶና ነቕርበሎም።

ኣብ መደምደምታ ከኣ ብዛዕባ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ባዕሉ ስለዘለዎ ኣብ ክንድኡ ክንዛረብ ኣይንደልን። ንሕና ህዝቢ ኤርትራ ግን ንመንግስትና ሕማቕ ክገብርን ክበኣስን እውን ተዛሪብና ኣይንፈልጥን ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ ክንዲ መንግስቲ ትሓሊቕና ንመንግስቲ ኮነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝጐድእ ነገር እውን ዝደፋእናሉ እዋን የልቦን።

ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ፍጹም ሓዳግ ዝኾነ ለባም ህዝቢ ምኳኑ ነረጋግጸሎም።

<u>ስርዓት ወያነ ሎሚ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ብሓይሊ ኮነ ብሰላም ክፈትሖ ዝኽእል ጉዳይ ዘሎ ኣይመስለናን።</u>

ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዕርቅን ሰላምን ዝደሊ እንተኾይኑ ግን ልቦና ገሩ ነዚ ዝኽተል ክፍጽም ንምኽሮ።

1ይ. ነቲ ኣብ ዝሓለፈ መዋእለ መንግስቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝገበሮ ገበናትን ተንኮላትን ንህዝብና ብግሉጽ እቕሬታ ክሓትት፡

2ይ. ጉዳይ ሃገርና ንዓና ንደቂ ሃገር እምበር ንዕኡ ጉዳዩ ከም ዘይኮነ ኣሚኑ ካብ ኣጀንድኡ ከውጽኦ፡

3ይ. ነቶም ብዝኾነን ዘይኮነን ብዘይ ሕጊ ኣብ ቤት ማእሰርትታት ዳጉኑዎም ዘሎ ኤርትራውያን ናጻ ከውጽኦም፡

4ይ. ነቲ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ኢትዮጵያ ምዓስከራት ስደተኛታት ዘለዉ ኤርትራውያን ብሰብኣውን ብዓለምለኻዊ ሕግታት ስደተኛን መሰረት ብኽብረት ክሕዞም፡

ዘለዓለማዊ ዝኽሪ ነቶም በጃ ሃገሮምን ህዝቦምን ዝሓለፉ ጀጋኑ ደቂ ሃገር

ቀለታ ኪዳነ